# ግጥሚታት ንቐልዑ



ዓይኒ ሓሰኻ፣ ከመይ ኣለኻ
ኣበይ ገዛኻ፣ እቱ ናብራኻ
ስማዕ ርኤኻ፣ 'ንተየናሕሴኻ
ዓይኒ ደሊኻ፣ እናወቓዕኻ!
ሕደግ በይዛኻ!

ደጊም ስጋኻ፥ ዓዲ ማሕለኻ
ትሕሎ ኣለኻ፣ ልሕቲት፣ ትርናኻ
ኣብዛ 'ፍንጫኻ፣ ጎመድ ሽባኻ፥
ኣብታ ጕንኻ፣ ክትዝበጥ ኢኻ፣
ኽትረኽባ እንዲኻ!

*    *    *





ኣባ ዓራርኽና
  ዘመድና ዲኻ  ጓና
ንዐ 'ንዶ 'ሞ ኣውግዐና
  ዘይተጻውተና?
ትሰምዕዶ ትግርኛ
  ወይስ በምሕርኛ
ክንነግረካ 'ቱ ጉድካ
  መስተንክር መጋብርካ
'ቱ ምኢቲ ኣእጋርካ
  እስርስር መሓውርካ
ኣታ ሰራቕ ንፍሕኛ
  ንዓናይ 'ንዳ ዳኛ
ዝባን ኣቦይ መዓሾ
  ሰሪቕካያ ኮረንሾ
ስዋ ሙሉእ ብዳንሾ
  ሰቲኻያ ሰኺርካ
ሎሚ'ባ ተዋሪድካ!
  እንትትጻወት ኩዕሾ
ተትሒዝካ 'ብ ሜዳ ፍሾ
  ሕልኽ-ልኽ ተዓንቂፍካ
ብገደልያ ጸዲፍካ...

*    *    *

ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
ክንዲ ምንታይ? ክንዲ ወረጠ...
    እንትሓርስ ድንኩል ጸቐጠ!
ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
ክንዲ ምንታይ? ክንዲ ማሕረሻ
    እንትሓርስ ጠፊኡ 'ብ ጣሻ!

ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
እንታይ ግኑ? ሓደ ዓይኑ፣
    ዓዲ ጋላ ዝዘምት በይኑ!

ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
ክንዲ ምንታይ? ክንዲ መሃንዘል...
    እንትሓርስ ገደል ይንዝልዘል!

ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
ክንድምንታይ? ክንዲ 'ቱ ነዊት...
    ዝሓረሶ ኹሉ ይሽውት!

ኣዲነየ! ሰብኣይ ደለክን?
    እው 'ለኒ... ዋይ ጽገ ወይኒ!
ክንዲ ምንታይ? ክንዲ ዕርፊ...
    'ንትሓርስ 'ትንፋስ መሕለፊ!

ጥንታዊ ግጥሚ፣ ጸወታ ቖልዑ።

*    *    *

ነብሪ ጕልጕል
ዘሊሉ ብደጕል
ሓኒቑ ምኩተይ ዝዓጕል
...'ዛ ደምበይ ደም ብደም
ፈራሒይ  ብቕደም...
ኣነን ናበይ ንህደም?



ብጭንቂ - ወጸት ሓቂ!
ሽዓ ለይቲ ጉድ ንጉዱ
ብጕዘሞ ኽሳድ፣ ክሳዱ!
በልክዎ'ባ ወደ 'ቦይ ፍቓዱ
ሞተ፣ ኽብዱ ተቐዲዱ...

ገ/ኢ. ጕርፉ።

***Back to Meskot***

---

***The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact G.E. Gorfu for comments at** gegorfu@yahoo.com**.***